## ካቶሊካዊ ርእሰ ኤጳርቅና ዘበኣሥመራ

# “ወኢይትመነዮ ለታቦር እስመ ታቦር ኣነ”

### ንባዕለይ ታቦርኩም ስለዝኾንኩስ ንታቦር ኣይምነዮን እየ

ርእሰ ዓመት ፩ መስከረም ፳፻፲፮ 12 መስከረም 2023

ክቡራትን ክቡራንን ሕዝበ እግዚኣብሔር፣ ሰላም እግዚኣብሔርን ጽላል ኣዴና ኪዳነ ምሕረትን ወትሩን ኣብ ኩሉ ቦታን ምሳኻትኩም ይኹን እናበልኩ ልባዊ ሰላምታይ ኣቕርበልኩም። እንሆ ዓመት ሉቃስ ዛዚምና ናብ ዓመት ዮሓንስ ንሳገር ኣሎና እሞ ንልዑል ኣምላኽና ኃቢርና ነመስግኖን ነኽብሮን። ነዚኽ መን ይረኽቦ፣ እዝጊ ዝሃቦ! ኢልና ብምስጋና ንቀበሎ።

*መልክዐ ሥላሴ* ኣብ ዝኣርእስቱ ጽሑፍ ሃገርና እንረኽቦ ኣዝዩ ዓሚቝ ትርጉም ዝሓዘለ ቅኔ ኣሎ። ንሱ ከኣ ብግእዝ፣ *“ሥላሴክሙ ሥላሴ ይረስየኒ መካነ፣ ድኅረ ተወሓድኩስ ዘሥላሴሁ ብርሃነ፣ ዮርዳኖስክሙ ዝየ እስም ኩለንታየ ኮነ፣ ኢየኃሥሥ እምዮርዳኖስ ሰማዕተክሙ ምእመነ፣ ወኢይትመነዮ ለታቦር እስመ ታቦር ኣነ”*፣ ብትግርይና ከኣ፣ *ሥሉስነትኩም እ ሥላሴ!* ምስ ብርሃን *ሥሉስነቱ* ድሕሪ ተወሓሒደስ ቦታኡ ከኣ ይገብረኒ። ኩለንትናይ’ውን ዮርዳኖስኩም ስለዝኾነ ካብ ፈለግ ዮርዳኖስ ምስክርነትኩም ሃረር ኣይብልን እየ። ንባዕለይ ታቦርኩም ስለዝኾንኩ ከኣ ንደብረ ታቦር ኣይምነዮን እየ፣ ይብል።

ኩልና ከም እንፈልጦ ፈለግ ዮርዳኖስን፣ ደብረ ታቦርን፣ ኣብ ምድራዊ ሕይወት መድኃኒና ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክልተ ዓበይቲ ፍጻሚታት ዝተራእየለን ቦታታት እየን። ኢየሱስ ክርስቶስ ወዲ ሠላሳ ዓመት ምስ ኣኸለ ብዮሓንስ መጥምቕ ኣብ ፈለግ ዮርዳኖስ ከምዝተጠምቀ ወንጌል ዘረጋግጾ እዩ። *“እንሆ ከኣ በቲ ጊዜ እቲ ኢየሱስ ካብ ናዝሬት ናይ ገሊላ መጽኣ፣ ኣብ ፈለግ ዮርዳኖስ ከኣ ብዮሓንስ ተጠምቀ። ኢየሱስ ካብ ማይ ውጽእ ምስ በለ፣ ብኡብኡ ሰማያት ኪኽፈታ መንፈስ ቅዱስ ድማ በምሳል ርግቢ ኣብ ልዕሊኡ ክወርድ ክሎ ረኣየ። ‘ብኣኻ ዝተሓጐስኩ ፍቁር ወደይ ንስኻ ኢኻ’ ዝብል ድምጺ ካብ ሰማያት መጸ”* (ማር 1:9-11)። ብሓጺሩ እግዚኣብሔር ኣቦ ብድምጹ፣ እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስ በምሳል ርግቢት፣ ኣብ ጥምቀት ናይ’ቲ ሥጋ ለቢሱ ከማና ሰብ ኮይኑ ካብ ድንግል ማርያም ዝተወልደ እግዚኣብሔር ወልድ ህላዌኦምን ምስክርነቶምን ከምዝገለጹ ንርኢ። ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዮሓንስ ብምጥማቑ ነቲ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣብ ልዕሊ ነፍስ ወከፍና ዝፈስስ ማየ ጥምቀት ቅድስቲ ሥላሴ ባሪኾምዎ እዮም። በዚ ምኽንያት እያ ቅድስቲ ቤተክርስትያን እውን፣ ነቲ፣ “እምበኣር ኪዱ እሞ፣ ንኩሎም ኣሕዛብ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን እናጠመቕክምዎም ደቀ መዛሙርተይ ግበርዎም” (ማቴ 28:19) ዝብል ትእዛዝ *መሥራቲኣ* ንምፍጻም፣ ኩሉ ብስም *ሥላሴ* ዝጥመቕ፣ ካብ ኃጢኣት ይነጽሕ፣ ዉሉድ ኣምላኽ፣ ኃው ክርስቶስ፣ ኣባል ቤተክርስትያን፣ ቤተ መቕደስ መንፈስ ቅዱስ፣ ወራሲ ዘለዓለማዊ ሕይወት ይኸውን/ትኸውን እናበለት እትምህረና። ብሓጺሩ *ሥላሴ* ብምሉኦም ኣብ ልብና ከምዝሰፍሩ ርጉጽ እዩ። ስለዚ እቲ ፈለግ ዮርዳኖስ ኣብ ቅድስቲ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ነፍስ ወከፍ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ዝተጠምቀ/ት ኣማኒ/ት ከምዝርከብ ኢና ንኣምን።

ከምቲ ኣብ ፈለግ ዮርዳኖስ ኣቦ ብቃሉ፣ ወልድ ብኣካሉ፣ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ብመልክዕ ርግቢት ዝተረኽቡ ኣብ ዕለተ ጥምቀትና እውን እቲ ናይ ዮርዳኖስ ተኣምር ተፈጺሙ እዩ። በዚ ከኣ እዩ ባዕሉ መድኃኒና ጉይታና ኢየሱስ ክርስቶስ’ውን *“እቲ ዘፍቅረኒ ቃለይ ክሕሉ እዩ፣ ኣቦይ ከኣ ከፍቅሮ እዩ፣ ናብኡ መጺእና ድማ ኣብኡ ማንደር ክንገብር ኢና”* (ዮሓ 14:23) እናበለ ብጥምቀት ልብና ናይ ቅድስቲ *ሥላሴ* መንበሪ ከምዝኸውንን፣ ነቲ ኣቦ ብቃሉ፣ ወልድ ብኣካሉ፣ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ብኣምሳል ርግቢት ዝተገልጹሉ ፈለግ ዮርዳኖስ ከም እንመስልን ገለጸልና። ጥምቀትና ዘርኢ እምነት፣ ተስፋ፣ ፍቕሪ ኣብ ልብና ምስ ዘርኣልና ብማይን ብመንፈስ ቅዱስን ዳግም ተወሊድና፣ ዘለዓለማዊ ሕይወት ዝህብ ማይ ሰቲና ኢና። ነታ ሳምራዊት ሰበይቲ፣ *“ካብዚ ማይ እዚ ዚሰቲ ዘበለ መሊሱ ኪጸምእ እዩ። ካብቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ዚሰቲ ግና፣ እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ኣብኡ ንዘለዓለም ሕይወት ዚፍልፍል ዓይኒ ማይ ኪኾነሉ እዩ እምበር ንዘልዓለም ኣይኪጸምእን እዩ”* (ዮሓ 4:14) ይብላ። እዚ ከኣ ብሕያውነቱ ብነጻ ዝወሃበና ናይ ዘለዓለማዊ ሕይወት ማይ ምዃኑ እዩ። *“ኣልፋን ኦመጋን መጀመርታን መወዳእታን ኣነ እየ፣ ንዝጸምእ ካብ ዓይኒ ማይ ሕይወት ክሰቲ ብኸምኡ ክህቦ እየ’* (ራእ 21:6) ይብለና። ነዚ ዕድል እዚ ክንረክብን ክንረብሓሉን ግን ባዕሉ ጉይታና ንጹር መምርሒ ሂቡና እዩ። ኢየሱስ ኣብ ፈለግ ዮርዳኖስ ኣብ ዝተጠምቀሉ ዕለት፣ ድሕሪ ናይ 30 ዓመት ናይ ሕቡእ ሕይወት፣ ብሥምረት ቅድስቲ *ሥላሴ*፣ ሀ).,ናይ ስብከት ስራሑ ንምጅማር ዝወሰነሉ፣ ለ). ወገን ዝጥመቑ ኃጢኣተይናታት ብምዃን ብወግዒ መንነቱ ዝገልጸሉ፣ ሐ). ብምስክርነት እግዚኣብሔር ኣቦ ዝጸደቐሉ መ).ከምኡውን ተልእኮኡ ብወግዒ ንምጅማር ብመንፈስ ቅዱስ ዝተቐብኣሉ መዓልቲ እዩ ነቢሩ። ስለዚ ነቲ ኢየሱስ ዝህቦ ማይ ዝሰተዩ ኩላቶም ተኸተልቱ፣ ብወገኖም ንርእሶም ምንጪ ማይ ከምዝኾኑ’ውን የረጋግጾም። ቅዱስ ዮሓንስ፣ ኢየሱስ “ዝጸምእ እንተሎ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ። እቲ ብኣይ ዝኣምን፣ ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ፣ ካብ ውሽጡ ርባታት ማይ ሕይወት ኪውኅዝ እዩ እናበለ ተዛረበ። እዚ ብዛዕባ’ቲ እቶም ብእኡ ዚኣምኑ ኪቕበልዎ ዘለዎም መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝተዛረበ” (ዮሓ 7: 37-39) ከምዝበለ ይምስክር።

ቅዱስ ወንጌል ከምዘዘንትወልና፣ “ኢየሱስ ንጴጥሮስን ያዕቆብን ዮሓንስን ወሲዱ፣ ንበይኖም ናብ ነዊኅ እምባ ኣደየቦም። ኣብ ቅድሚኦምውን ትርኢቱ ተለወጠ፣ ክዳኑ ድማ ኣዝዩ ኣንጸባረቐ፣ ኣብ ምድሪ ሓደ ሓጻባይ ከምኡ ጌሩ ከጻዕድዎ ክሳብ

ዘይኽእል ከኣ ጻዕደው----"መምህር ንኣና ኣብዚ ምንባር ጽቡቕ እዩ። ሓደ ንኣኻ፣ ሓደ ንሙሴ፣ ሓደ ንኤልያስ ሠለስተ ዳስ ንሥራሕ' በሎ------ካብቲ ደመና ከኣ 'እዚ እቲ ዘፍቅሮ ወደይ እዩ፣ ንእኡ ስምዕዎ' ዚብል ድምጺ መጸ" (ማር 9:2-7)። እዚ ማለት ከኣ ልክዕ ከምቲ ኣብ ዮርዳኖስ ኣብ ደብረ ታቦር እውን ኣቦ ብቃሉ፣ ወልድ ብኣካሉ፣ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ብደመና ተረኺቦም። ሳላ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ሰማይን ምድርን ተራኺቦም፣ እቶም ሠለስተ ሓዋርያት ከኣ ንኩልና ወኪሎም ናይ ኣብ መንግሥተ ሰማይ ዝጽበየና ዘሎ ዘለዓለማዊ ፍስሓ ንሓጺር ጊዜ ኣስተማቒሮም። ብጸጋ ጥምቀትን፣ ብዕለታዊ መግቢ ቃለ እግዚኣብሔርን፣ ሥጋን ደምን መድኃኔ ዓለምን ከኣ እቲ ኣማኒ ልብናን ተኣዛዚ ሕይወትናን ንርእሱ ታቦር ኮይኑ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ኣብ ዝጸሓፋ ካልኣይቲ መልእኽቱ፣ *"ንሕና ኩልና ከኣ ብግሁድ ገጽ ክብሪ ጐይታ ኢና እነንጸባርቕ፣ እዚ ካብቲ መንፈስ ዝኾነ ጐይታ ዝመጸ ክብሪ ከኣ ናብ ምስሊ ኣርኣያኡ እናተለወጥና ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ንኃልፍ"* (2ቆሮ 3:18) ይብለና። ቀጺሉ ድማ፣ *"እቲ ሠናይን ባህ ዚብልን ፍጹምን ዝኾነ ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ መርሚርኩም ክትፈልጡ ኣእምሮኹም ብምሕዳስ ተለወጡ እምበር ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ"* (ሮማ 12:2) ብምባል ነቲ ኣብ ዮርዳኖስን ኣብ ደብረ ታቦርን ዝተፈጸመ ተኣምር ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ክንነብሮ የተባብዓና። ቅዱስ ዮሓንስ ከኣ ኣብታ ቀዳመይቲ መልእኽቱ፣ ብርግጽ ኣብዚ ምድሪ ክሳብ ዘሎና ኩሉ ንጹር ከምዘይኮነልና እንተኾነ ግን ብዓይኒ እምነትን ብዘስተውዕል ልብን ክንመላለስ ከምዘሎና የተባብዓና። *"ኣቱም ፍቁራተይ! ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኢና፣ እንታይ ከምእነኸውን ከኣ ገና ኣይተገልጸን። ክርስቶስ ምስ ዚግለጽ ግና ከምታ ዘለዋ ክንርእዮ ኢና እሞ ንእኡ ከም እንመስል ንፈልጥ ኢና"*(1ዮሓ 3:2) እንክብል፡ ጭቡጥ መርኣያ ግን፣ *"እቲ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ዚሕሉ እግዚኣብሔር ኣብኡ ይነብር፣ ንሱውን ኣብ እግዚኣብሔር ይነብር። እግዚኣብሔር ኣባና ከምዝነብር ከኣ በቲ ዝሃበና መንፈስ ኢና እንፈልጥ"* (1ዮሓ 3:24)። ብተወሳኺ፣ ታቦር ኣብ ነፍስወከፍና ጥራይ ዘይኮነ ኣብታ ብመንፈስ ቅዱስ ተኣኻኺብና እነምልኸላን እነመስግነላን፣ እንልምነላን እንንስሓላን ኣዴና ቤተክርስትያን'ውን እዩ ዝርከብ። እታ ሰንበት ሰንበት ተኣኪብና ቃሉን ሥጋኡን ደሙን እንምገበላ ሕንጻውን ቤተክርስትያን እውን ሥላሴ ዝርከቡላ፣ ብክርስቶስ ከኣ ሰማይ ምድርን ዝራኸቡላ ዮርዳኖስናን ታቦርናን ምዃና ንዘክር።

ጽሑፍ *መልክዐ ሥላሴ፣* "*ሥላሴክሙ ሥላሴ ይረስየኒ መካነ፣ ድኅረ ተወሓድኩሰ ዘሥላሴሁ ብርሃነ፣ ዮርዳኖስክሙ ዝየ እስም ኩለንታየ ኮነ፣ ኢየኃሥሥ እምዮርዳኖስ ሰማዕተክሙ ምእመነ፣ ወኢይትመነዮ ለታቦር እስመ ታቦር ኣነ*"። ብትግርይና ከኣ፣ *ሥሉስነትኩም እ ሥላሴ!* ምስ ብርሃን ናይ *ሥሉስነቱ* ድሕሪ ተወሓሒደሰ ቦታኡ ከኣ ይገብረኒ። ኩለንትናይውን ዮርዳኖስኩም ስለዝኾነ ካብ ፈለግ ዮርዳኖስ ምስክርነትኩም ሃረር ኣይብልን እየ። ንባዕለይ ታቦርኩም ስለዝኾንኩ ከኣ ንደብረ ታቦር ኣይምነዮን እየ ክብለና ከሎ እምበኣር ልዕሊ ኩሉ እግዚኣብሔር ክንደይ ከምዘፍቀረናን ከምዘኽበረናን ይገልጸልና። ነፍሲ ወከፍና ማኅደር ቅድስቲ ሥላሴ ብምዃንና ክብርና ክንሕሉን ነቲ መንበሮም ዝገበርዎ ልብና ብንጽሕና ክንሕልዎ ከምዘሎናን የረድኣና። ቅዱስ ጳውሎስ፣ ኣብታ ናብ ሰብ ቆሮንጦስ ዝለኣኻ ቀዳመይቲ ጽሕፍቱ ኣነጺሩ *"ሰብነትኩም ቤተመቕደስ ናይ'ቲ ካብ እምላኽ ዝተቐበልክምዎ ኣብ ውሽጥኹም ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ከምዝኾነዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? እምበኣር ናይ ገዛእ ርእስኹም ኣይኮንኩምን። ብዋጋ ኢኹም ዝተዓደግኩም፣ ስለዚ ብሰብነትኩም ንኣምላኽ ኣኽብርዎ"*(1ቆሮ 6:19-20) እናበለ ልብና ጥራይ ዘይኮነ ካብ ጥምቀትና ንደሓር እቲ ግዙፍ ሰብነትና እውን ብመንፈስ ቅዱስ ተቐቢኡ ክቡር ንብረት ጐይታ ከምዝኾነ ይነግረና። ኣብዚ እንኣትዎ ዘሎና ሓዲስ ዓመት፣ ዘመነ ዮሓንስ እምበኣር ነቲ እግዚኣብሔር ዝሃበና ክብርን ዕድልን እናሓሰብና ክንሕደስ ብሲኖዶሳዊ መንፈስ ክንጉዓዝ ይግባእ። ሓዲስ ዓመት፣ ሓዲስ ዕድል ማለት ምዃኑ ተረዲእና ንኣምላኽና ልብና ንኽፈተሉ፣ ንሱ ከኣ ነቲ ኣብ ዮርዳኖስን ኣብ ደብረ ታቦርን ዝተፈጸመ ተኣምር ኣብ ሕይወትና ከምዝፍጽም ክገብር እዩ። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መዓልቲ መጸ" እንሆ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢለ ማዕጾ ኳሕኳሕ ኣብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ከፈተለይ፣ ናብኡ ክኣቱ፣ ምስኡ ኣብ መኣዲ ክቕመጥ እየ"(ራእ 3:20) ይብለና ኣሎ።

ኣብ ቢዛንታዊ ሥርዓት ኣምልኾ ንበዓለ ደብረ ታቦር ዝተደርሰ ጸሎት፣ *"እ! ክርስቶስ ኣምላኽና፣ ተሰቒልካ ምስ ረኣዩኻ፣ ሥቓያትካ ብፍቓድካ ከምዝተቐበልካዮ ምእንቲ ኪርድኡን፣ ከምኡ'ውን ንስኻ፣ ንእግዚኣብሔር ኣቦ ነጸብራቕ ብርሃኑ ምዃንካ ንዓለም ብግልጺ ምእንቲ ኪነግሩን ኢልካ ኣብ'ቲ እምባ (ደብሪ) ትርኢትካ ከምዝልወጥ ደቀመዛሙርትኻ'ውን ብዝኽኣል መጠን ክብርኻ ከምዝቕበሉ ገበርካ"* (መዝ. ሃ. ቊ. 555) ይብል። *"ኣብ ምጅማር'ቲ ስብከታዊ ሕይወቱ ጥምቀቱ ኣሎ። ኣብ ምጅማር'ቲ ስቓያቱን ሞቱን ድማ ምልዋጥ ትርኢቱ ንረክብ። ናይ'ቲ ቀዳማይ ዳግመ-ልደት ምሥጢራ ማለት ጥምቀትና፣ ብናይ ኢየሱስ ጥምቀት ክግለጽ ይርከብ፣ ናይ ደብረ ታቦር ምልዋጥ ትርኢቱ ከኣ ናይ'ቲ ዳግማይ-ልደት ምሥጢር፣ ማለት ትንሣኤና ይገልጽ። ካብ ሕጂ ንደሓር፣ ብናይ ኣካል ክርስቶስ (ቤተክርስትያን) ምሥጢራት ገቢሩ ዝሰርሕ መንፈስ ቅዱስ ኣቢልና ኣብ ትንሣኤ ጐይታና ተሳተፍቲ ንኸውን"* (መዝ.ሃይ. ቊ 556)። ኣስተርእዮ ዮርዳኖስን ደብረ ታቦርን መበገስን መደምደምታን ክርስትያናዊ ሕይወትና ይገልጻ። ምስ ክርስቶስ እንተተኳዒዝና ድማ ምስኡ ክንዕወት ኢና። ቡሩኽ ሓንስ መስቀለን፣ ዕወት ዓመተ ዮሓንስን ይግበርለና። መድኃኔ ዓለም ዓመት ንዓመት ብሰላምን ብፍቕርን ብጥዕናን ይሓልወና።

ኣቡነ መንገሥተኣብ ተስፋማርያም፣
ሊቀ ጳጳሳት ዘመንበረ ኣሥመራ